# በትሪ ሓቂ ትቐጥን'ምበር ኣይትስበርን'ያ!!!!

## ምድረ-ባሕረነጋሲ (ምድረ-ታህጋርያን)
## እዛ ካብ 1890 ብኮሎንያል ጣልያን "ኤርትራ"፣ ብመቐጸልታ ኮሎንያል ጣልያን ብህግደፍ ከኣ "ሓደስ ኤርትራ" ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ፣ ሎሚ እዛ ዘላ ዓዲ ጀጋኑ ግዳይ ሓዲሽ ዓለማዊ ስርዓት ኮይና፣ ኣብ ጻዕሪ ሞት ትርከብ ኣላ።

## ኩነታት ምሕደራ ዘይኮነስ መግዛእቲ "ሓዳስ ኤርትራ" ኣብ መዋእል ሕገ-ኣልቦ "መንግስቲ" ህግደፍ (ኢሰያስ) ከኣ ካብ ኩሎም ኣኩባት ወረርትን ገዛኣትን ኣኤርትራ ዝነበሩ ዝገደደ ኮይኑ ንርእዮ ኣሎና።
## እስከ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተተንቲኑ ዘሎ ታሪኻዊ ሕልኽልኻት ንከታተሎ። ሰናይ ንባብ!

Geography has made us neighbors. History has made us friends. Economics has made us partners, and necessity has made us allies. Those whom God has so joined together, let no man put asunder.
John F. Kennedy
ብጆግራፊ ጐረባብቲ ኰንና፣ ታሪኽ ኣተዓራሪኹና፣ ቍጠባ ከኣ ብጸት ገሩና፣ ባህርያዊ ሕጊ'ውን ኪዳናዊ ሓድነት ፈጢሩልና። እቶም ኣምላኽ ዝጸንበሮም ሰብ ክፈልዮም ኣይክእልን'ዩ። ጆን ኤፍ. ከነዲ

### ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብሓቂ ንኤርትራ ነጻ ከውጽእ ድዩ ንሜዳ ወጺኡ? ወይስ መተካእታ ንጉስ ሃይለስላሴ ኮይኑ ንባዕዳውያን ከገልግል?

እስከ ካብ ዝሓለፈ ታሪኽ ተበጊስና ብዛዕባ ሎሚን ዝመጽእን ክንፈልጥ ንፈትሽ :-

ብርግጽ ዝሓለፈ ታሪኽ መሰረት ህሉው-ታሪኽ እዩ። እዚ ሎሚ ዘሎ ህሉው-ታሪኽ ከኣ መሰረት መጻኢ ታሪኽ'ዩ። ንዝሓለፈ ታሪኽ ኣንተድኣ ብግቡእ ፈሊጥና፣ ነዚ ሎሚ ዘሎ መስርሕ ታሪኽ ከኣ ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል። ንህሉው-ታሪኽ ኣንተድኣ ተረዲኡና ከኣ ንዝመጽእ ግዜ ክንበ ንኽእል። ካብ'ዘን ሰለስተ መንኰርኰር መስርሕ ታሪኽን ወጺእና ግና ዝኾነ ይኹን መጽናዕታዊ-ፕሮጀክት ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ዋላ እንተፈተንና ከኣ ነቲ ውድዓዊ ሓቂ ክንረኽቦ ኣይንኻልን ኢና። ስለዚ ንኢሰያስ ሎሚ ብግቡእ መን ምዃኑን እንታይ ተልእኾ ከምዘለዎን፣ ከነለልዮ ኣንተድኣኰንና፣ ንዝሓለፈ ታሪኽ ኢሰያስ ብግቡእ ምስ እንፈልጦ ጥራይ እዩ። ሽው ኢና ካብ ዝሓለፈ ታሪኽ ተበጊስና፣ ነዚ ሎሚ ኢሰያስ ዝፍጽሞ ዘሎ ምስ ዝሓለፈ ታሪኹ ኣዛሚድና ብምምርማር፣ ኢሰያስ ስለምንታይ ኣዚ ሎሚ ዝፍጽሞ ዘሎ ፍጻሜታት ይፍጽም ኣሎ፣ ኣንታይ ተልእኾ ስለዘለዎ እዩኽ ዝፍጽሞ ዘሎ? ዝብላ ሕቶታት ክንምልስ ንኽእል።

ነዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብመደብ ሓደ ብሓደ ዝፍጸም ዘሎ ኵሉ ፍጻሜታት፣ "ብትእዛዝ ኢሰያስ ጥራይ እዩ ዝፍጸም ዘሎ" ንብል እንተድኣ ኰንና ግርህነት ጥራይ ዘይኮነ ዕሽነት'ውን'ዩ። ኢሰያስ መሳርሕን መሳለጥን፣ እቶም ብኾፎም ብሓንጐል ጥራይ ዘኸድምዎ ዘለው ስለላ-መርበብ ኣሜሪካን እስራኤልን ኣንግሊዝን'ዩ። ስለምታይ ድኣ ነዛ ንእሽቶ ሃገርን ነዚ ውሑድ ህዝብን ከሳብ ክንድዚ ብጭካነ ይሃስዩዎ ኣለዉ? እንታይከ ከረኽቡ'ዮም? ዝብል ገርህኛ ሕቶ በቲ ገርህኛ ህዝቢ ክቐርብ ይኽእል'ዩ። መልሱ ግና ኣብ ሓደ ስዉር ኣጀንዳ ዝተመርኮሰ ኮይኑ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

1) መሬት ኤርትራን ባሕራን ባህርያዊ ጸጋኣን፣ ብኻልእ ኣገላልጻ <u>ስትራተጂካዊን ቍጠባዊን ረብሓ</u> ስለዘለዎም እዮም።

2) ነቲ ዘውጽኡዎ ራእዩን ዓላማን ንምትግባር፣ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ንኽዕወቱ ንኢሰያስ ቅድሚ 50 ዓመታት መልሚሎም ንሓደ ሕቡእ ኣጀንዳ ስለዘዋፈሩዎ ከም ውዕሉ ንረብሓ ህዝቢ ኣኤርትራ ዘይኮነ፣ ንረብሓ ንባዕዳውይን ይኸድም ኣሎ።

ስለዚ ነዚ ኣገዳሲ ምስጢር'ዚ ክንፈልጦ እንተድኣ ኮንና፣ ካብ መሰረት ተበጊስና ክንከታተሎ ከሎና ጥራይ እዩ። እቲ ክትኣምኖ ዘጸግም ግን ከኣ ሓቂ ዝኾነ ውዲት፣ መራሕቲ ወያኔ ንኢሰያስ ንኽሕግዙ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብመደብ ሲ.ኣይ.ኤ. ተመልሚሎም ንሜዳ ምውፋሮም'ዩ። ነዚ'ውን ብዙሓት መራሕቲ ውድባትን ምሁራትን ኤርትራውያን፣ ክሽንቡ ኣንተዘይኮይኖም ኣጸቢቖም ይፈልጡዎ'ዮም። እቲ ብዙሕ ሓፋሽ ሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን ግና፣ ነዚ ረቂቕ ውዲት'ዚ ምስ መረዳእትኡ ክትገልጸሉ ምስ እትጽዕር'ውን፣ መብዛሕትኡ ህዝቢ በቲ ኣእምሮ ዘደንቍር ፕሮፖጋንዳ-ሓሶት ኢሰያስን መራሕቲ ወያኔን ንነዊሕ ዓመታት ዝኣከል ስለዝተደናገረ፣ ክኣምን የጸግሞ። ብርግጽ ድማ እዚ ረቂቕ ውዲት'ዚ መሃንድሳት-እከይ፣ ብመደብ ኮነ ኢሎም ዘዳልውዎ ስለዝኾነ፣ እቲ ገርህኛ ህዝቢ ብቐሊሉ ንኽርድኦ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ እዩ።

# ታሪኽ ሕይወት ኢሰያስ እፈወርቂ

ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብ1944 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ክሳብ ወዲ 20 ዓመት ዝኸውን ድማ ኣብ ኣስመራ ይነብር ነይሩ፡፡ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ልዑል መኮንን ከኣ ክሳብ 12 ክፍሊ ወዲኡ፤፡ ኢሰያስ ብኣብኡን ብኣዲኡን ትግራዋይ እዩ። ኢሰያስ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ልዑል መኮንን እዩ ክሳብ 12 ክፍሊ ወዲኡ፣ መርመራ ማትሪክ ድሕሪ ምግባር ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ከምዝሓለፈ ይንገር፡፡ ቅድሚ ንኣዲስ ኣበባ ምኻዱ ግና ምስስቶም "ፒስኮርፕ" ዝብሃሉ ኣሜሪካውያን መማህራን ስዉር ርክብ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብቲ ቶፕ 5 ዝብሃል ክላብ ኣሜሪካውያን ከኣ ምስቶም "ፒስኮርፕ" ይመላለስ ከምዝነበረ ይንገር። ካብኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ'ውን ምስ ሓወቡኡ ደጃዝማች ሰለሙን ኣብርሃም ሕቡእን ግሁድን ርክብ ንይሩዎ። ደጃዝማች ሰለሙን ኣብርሃም ምስ ልዑል ራስ ኣስራተ ካሳ ኣንደራሴ ሃይለስላሴ ኮይኑ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዝነበረ፣ ጥቡቕ ርክብ ከምዝነበሮም ብዙሕ ታሪኻዊ መረጋገጺ ኣሎ። ኣብቲ መጀመርያ ኢሰያስ ብደጃዝማች ሰለሙን ኣብርሃምን፣ ልዑል ራስ ኣስራተ ካሳን እዩ፣ ንሜዳ ተላኢኹ። ካብኡ ብ1966 ዓ.ም.ፈ. ስለላ መርበብ መንግስቲ ኣሜሪካን፣ ብሱዳንን ብቓፕነውን ኣቢሎም ምስ ኢሰያስ ኣፈወርቅ ቀንዲ ምስጢራዊ መስርሕ ጀሚሮም። (*ንመረዳእታ ጀነራል ዳኒኤል መንግስቱ ሓላፊ ሰለላ መርበብ ኣኢትዮጵያ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን: ኣን ሚኒሊክ ዝተባህለ መጽሔት ብ2001 ዝሃቡዎ ቃለ መሕታት)*
*ብተኽለ ኦኣደን ካብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ መንግስቲ ደርጊ ብራድዮን ተለቪዥንን ዝሃቦ መግለጺ። ሳልሳይ ብተስፋሚካኤል ጆርጆ ቀለ-መሕታት ብፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ.ን፣ ኣብ መንግስቲ ደርጊ ምስ ምስተዓቖበ ብጋዜጠኛን ብራድዮን ተለቪዝዮንን ዝሃቦ መግለጺታት)*

ዝኾነ ኮይኑ ኢሰያስ ብ1967 ዓ.ም.ፈ. ካብ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ተመሪጹ ምስ ሓያሎይ ተጋደልቲ ንሃገር ቻይና ንወተሃደራዊ ስልጠና ተላኢኹ። እዚ ፕሮጀክት'ዚ'ውን ከቢድ ምስጢር ነይሩዎ እዩ። ንሱ ድማ ብረቂቕ ሜላ ንህዝቢ ንምትላል፣ ኢሰያስ ኮሚንስት ተመሲሉ ክቃለስ ከሎ፣ ብህዝብን ብተጋደልትን ኣንጻር ኣሜሪካ ከምዝኾነ ንኽፍለጥ ተባሂሉ ዝተማህዘ ስዉር ውዲት እዩ። ተኻታተልቲ ታሪኽ ነቲ ረቂቕ መስርሕ ኢሰያስን ስለላ መርበብ ኣሜሪካን ከምዝሕብሩዎ፣ ኢሰያስ ንሃገር ቻይና ክልኣኸ ከሎ ስዉር ኢድ ሲ.ኣይ.ኤ. (ኮንስፒራሲ) ከምዝነበሮ እዩ።

እቲ ቀንዲ መኽንያት ማእከላይ ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ. ንኢሰያስ ከመርጹሉ ዝኽኣሉ ድማ፣ ብ1969 ዓ.ም.ፈ. ኩነታት ንጉስ ሃይለስላሴ ብመጽናዕቲ ምስተኻታተልዎን፣ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ምዕባሌ ገድሊ ኤርትራ ድማ፣ ብፍላይ ከኣ ምዕባለ ተ.ሓ.ኤ. ምስተዓዘቡን፣ ኣብ ሃይለስላሴ ዝነበሮም እምነት ኣናደኸመ ከምዝኸደ ስለዘገንዘቡን እዮም። ንሱ ከኣ እቲ ንጉስ ሃይለስላሴ ኣንጻር ተ.ሓ.ኤ. ዝገብሮ ዝነበረ መጥቃዕቲ እናተዳኸመ ምኻዱን፣ ብኣንጻሩ ግና ሓይሊ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. እናማዕበለን እናሓየለን ምጉዓዙ ስልዝተገንዘቡን፣ ንመረዳእታ:- ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሰውራ ፓለስቲንያ ብፍላይ ካብ "ብላክ-ሰፕተምበር" ዝብሃል ገድሊ ፍልስጢኤም፣ ምኽርን ታዕሊምን ይወስዱ ከምዝነበሩን፣ ከምውኡ'ውን ተጋደልቱ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብ ቻይናን ኩባን ሰልጢኖም ንሜዳ እንዳተመልሱ፣ ንመንግስቲ ሃይለስላሴ ዘይተኣደነ ቊጠባዊ ቅልውላውን፣ ወተሃደራዊ ክሳራታትን ከምዘስዓብሉ ስለዘረጋገጹ። ከምኡ'ውን እቶም ብፍላይ "ብብላክ ሰፕተምበር" ዝሰልጠኑ ኣድቢኻ ተዋጋእቲ ኤርትራውያን፣ ክሳብ ንመዓስከር ወተሃደር ኣሜሪካ ቃኘው-ስተሽንን: ነቲ ኣብ ጉራዕ ዝነበረ ከቢድ መደበር ማዕከን ሓበሬታን ስለላን ራዳር፣ ሃንደበታዊ መውቃዕቲ ንኽፍጽሙ መደብ ከምዝነበሮም ሲ.ኣይ.ኤ ካብ ስለላ መርበብ እስራኤል (ሞሳድ) ጭቡጥ ሓበሬታ ስለዝረኸቡን። ካብ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ ብምብጋስ፣ ሃገራዊ ሓይሊ ኤርትራ ብኸምዚ ዝጉዓዞ ዘሎ፣ ብተጽዕኖ ባዕዳዊ ሓይሊ እንተድኣ ዘይተኾሊፉ፣ ብድልየት ህዝብን ሰራዊትን ቅኑዓት-ሃገራውያን መራሕትን እንተድኣ ማዕቢሉ፣ እቲ ንሓስቦ ዝነበርና ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣሜሪካ፣ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን፣ ንረብሓተን ስዓብቲ ሶቬት ሕብረት ዝኾና ሃገራት ኣዕራብ ክውዕል ስለዝኽእል፣ ንመጻኢ እዋን መተካእታ ንጉስ ሃይለስላሴ ኮይኑ ንረብሓ ኣሜሪካ ከገልግል ዝኽእል፣ ብስዉር ዝሰርሕ መራሒ መልሚልና ከዋፍ ኣሎና ዝብል መደብ ኣውጺኡ።

ካብዚ መጽናዕቲ'ዚ ተበጊሶም ድማ ሓዲሽ ኤርትራዊ ውድብ ብህጹጽ ክምስርቱ መደብ ኣውጺኡ። እቲ ቀንዲ ራእዩ ከኣ ሓደ ኣንጻር ተ.ሓ.ኤ. ክሰርሕ ዝኽእል ክርስትያናዊ ሓይሊ ንምፍጣር ነበረ። ነዚ ፕሮጀክት'ዚ ብምስጢር ዝዕቅብን ነቲ ውድብ ክመርሕ ዝኽእልን ካብ መበቈል ትግራይ ዘለዎም ማይቤት ከምዝኾነን ኣረጋገጹ። ብድሕሪ'ዚ ሓደ ቀደም ኣብ ኣሜሪካ ሙዚቀኛ ዝነበረ ቀንዲ ስሙ ከኣ <u>ሚልስ ኮፕላንድ</u> ዝተባህለ፣ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበረ ቃኘው-ስተሽን ዝተባህለ መዓስከር ወተሃደር ኣሜሪካ፣ ስራሕ ሲ.ኣይ.ኤ. ንኽሰርሕ መዝነት ተዋሂቡዎ ነበረ። ብምስጢራዊ ስም (ኮድ ነይም) "ሪቻርድ ኮፕላን" ተባሂሉ ከኣ፣ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ. ኮይኑ ትካል "ፕሮጀክት-ፈልሲ" "ሲድ ፕላኒንቲግ ("ነርሰሪ) ፕሮጀክት" ዝጽዋዕ ምስጢራዊ መደብ-ዕዮ ኣብ ዓላ መስረተ። ብወገን ዓላ ኣቢሉ ከኣ ምስ መራሕ ገድሊ ክራኽብ ተመዘዘ። ካብዚ ተበጊሶም ወከልቲ ስለላ-መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ. ካብቶም ኣብ "ቶፕ-ፋይፍ" ዝብሃል ክለብ-ኣሜሪካውያን፣ ክዛናግዑ ዝመጹ ዝነበሩ መንእሰያት ኤርትራውያን ብፍላይ ተማሃሮ 2ይ ደረጃ ቀዳማዊ ሃይለስላሴን ልዑል መኮንን፣ ንስዉር ፕሮጀክት ከገልግሉ ዝኽእሉ ብረቂቕ ስለላ ክምልምሉ ጀመሩ። <u>ሓደ ካብቶም ብሲ.ኣይ.ኤ. ዝተመልመሉ መንእሰያት ሓደን ቀንድን ከኣ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ነበረ</u>። ኣብ 1965 ዓ.ም.ፈ. ኪዳነ ክፍሉ ዝተባህለ ተጋዳላይ ንውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ሰሊኹ ኣትዩ፣ ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ሓንቲ ማሕበር ተመሃሮ ብዓል ኣፈወርቂ ተኹሉን (ኣምሓራይ) ካላኦት ሃርበኛታት ኤርትራውያንን ዝኣባላታ ኣቘመ። "ኪዳነ ክፍሉ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዘይ ምኽርን ሓገዝን ስለላ መርበብ ኣሜሪካ (ሲ.ኣይ.ኤ.)፣ ከምኡ ዘኣመሰለ ረቂቕ ስራሕ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ፣ ንሱ'ውን ስዉር ኣጀንዳ ሲ.ኣይ.ኤ. ሒዙ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ኮይኑ ብስዉር ይሰርሕ ነይሩ ክኸውን ኣለዎ" ዝብሉ

ተመራመርቲ’ውን ኣለው። እቶም ንኢሰያስ ብቐረባ ዝፈልጡዎ ሰባት ግና፣ ኢሰያስ ኣብቲ እዋን’ቲ ብሲ.ኣይ.ኤ. ከምተወደበ ጭቡጥ መርትዖ ከምዘለዎም ይትርኹ።
እቲ “ሪቻርድ ኮፐላን“ ዝተባህለ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ. ካብ ቃኘው ንዓላ ኣናተመላለሰ ከኣ ትካል ፈልስታት ኣግራብ የፍልስ ነበረ። ቀንዲ ርክቡ ድማ ምስ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንኸኸውን ተመዘዘ። ኣዚ ኣባል ሲ.ኣይ.ኤ. ኣሜሪካዊ’ዚ ብቀረባ ርክቡ ምስቲ ወረዳ ኣማሓዳሪ (ዲ.ኦ) ደቂ መሓረ ኣከለጉዛይ ዝነበረ ተስፋሚካኤል ግራዝማች ጆርጆ ሌላ ገበረ። ምስ ተስፋሚካኤል ጆርጆ ኮይኑ ከኣ፣ ንኢሰያስ ኣብ ዓላ ተላለዮ። ካብኡ ቀጺሉ ሪቻርድ ኮፐላን ተስፋሚካኤል ጆርጆን፣ ንኢሰያስ ሒዞሞ ንቃኘው-ስተሽን ምስቲ ቀንዲ ስለላ-መርበብ ሓላፊ ኣራኸቡዎ። ካብቲ ኵሉ ዝተወዓዓሉዎ ውዕላት ሓንትን ኣዝያ ኣገዳሲትን ከኣ፣ “ነዚ መዲብናዮ ዘሎና ፕሮጀክት ክትመርሖ ጥራይ ሐራይ በለና’ምበር፣ ካልእ ኩሉ ሜላን ስትራተጂን ብፍላይ ንድሕነትካን ባዕልና ኣሎናዮ፣“ በሉዎ። እቲ ንርሑቕ ዘይሓስብ ኢሰያስ ከኣ ተጠሊዑ “ሐራይ ክፍጽም’የ“ ኢሉ ናኤርትራን ህዝባን ክሒዱ ማሕላ ኣተወሎም። ሓደ ውሉድ ሃማሴናይ ወይ ኣከለጉዛታይ ወይ ሰረወታይ ወይ ድማ ወዲ ሰኒሒት ወይ ባርካ ነይሩ ኣንተዝኸውን ግና ከምዚ ዓይነት ክህደት ንኽፍጽም ሐራይ ኣይምበለን። ነዚ ኣጽኒዖም ከኣ እዮም ሲ.ኣይ.ኤ. ነዚ መበቈሉ ትግራዋይ ተወሊዱ ዝዓበየ ግና ኣብ ሓማሴን ብውህሉልን ረቂቕን ሜላ ዝሓረዩዎ።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ከኣ ኣብቲ እዋን’ቲ፣ ኣብ ውሽጢ ድሑራት መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ “ክፍልታት“ ኣስላምን ክርስትያንን ዝብል ደረቕ ዝኾነ ኣተሓሳስባታት ተኣታቲዩ ነበረ። ነዚ’ውን እቶም ተኻታተልትን ተመራመርትን ብስዉር ኢድ ባዕዳዊ ሓይሊ ከምዝነበሮ እዮም ዕቃበታትት ዝህቡሉ። እዚ እኩይ ኣተሓሳስባ’ዚውን መዝመዝቲ ረኺቡ ኣናማዕበለ ተጓዕዘ። ነዚ መዝሚዞም ከኣ ኣማኸርቲ ኢሰያስ ሲ.ኣይ.ኤ “ንሕናን ዕላማናን“ እትብል መርዛም ትሕዝቶ ዝነበራ ማኒፈስቶ፣ ከም ቀንዲ ውሽጣዊት መምርሒን ፕሮፓጋንዳን ዘርግሑ። በዚ ከኣ ኢሰያስ ሰልፊ ነጻነት ዝብል ውድብ መስሪቱ፣ “ንሕናን ዕላማናን“ ዝብል መምርሒ ሒዙን፣ ወካሊ ክርስትያን ተመሲሉ ገርሀኛታት ደቂ ከበሳ ኣናወደበ ሓይሉ ከደልድል ጀመረ። ካብዚ ቀጺሉ ከኣ ከምታ ሲ.ኣይ.ኤ. ዝመደቡዋ ሃሳዪት ሰውራ ኤርትራ ፕሮጀክት፣ ንረብሓ ኤርትራ ዘይኮነ ኵናት ሓድሕድ ተወልዐ። ብዙሓት ጀጋኑን ኤርትራውያን ከኣ ኣብ ኵናት ሓድሕድ ተመንቈሱ። ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ”ኣቱም ደቅና፣ ክልተ ኣሕዋት ኢኹም: በጃኹም ሓቢርኩምን ተዋሃሂድኩምን ጸላኢኹም ስዒርኩም ነጻነት ንህዝቡኹም ኣምጽኡ” እናበለ ኣብየት በሎም። ኢሰያስ ግና ዓማ ከይሓቐቕት ፍታሕ የለን ኢሉ ኣቕበጾም።

ብፍላይ ነፍሰ-ሄር ተስፋሚካኤል ጆርጆ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሰላዪ ኮይኑ: ብስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ ንሜዳ ከምዝተላእከ ብግህዶ ንመራሕቲ ተ.ሓ.ኤ.ን፣ ንወተሃደራዊ መንግስቲ ደርግን ሓቢሩ ነይሩ እዩ። ብተወሳኺ’ውን ተኽለ ዓደን ካብ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ሰለመ፣ ኢሰያስን ብዙሓት ብጾቱን ኣባላት ሲ.ኣይ.ኤ. ምዃኖም ተንቲኑ ብሬድዮን ብጋዜጣን ተለቪዥንን ንህዝቢ ብወግዒ ሓቢሩ’ዩ። ከምኡ’ውን ጀነራል ዳኒኤል መንግስቱ ዝተባህለ ሓላፊ ወጻእን ውሽጥን ስለላ-መርበብ ኢትዮጵያ ነበር፣ ብመጋቢት 2001 ዓ.ም.ፈ. ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዝተሓትመ መነሊክ ዝብሃል መጽሄት “ኢሰያስ የኛ ሰላይ እዩ“ ክብል መስኪሩ እዩ። ኢሰያስ እምብኣር ሰላዩ ምዃኑ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ፣ “ዋላ ትንፈር በጊዕ እያ“ ኣናበለ፣ ነቶም ኵሎም ምስጢሩ ዝፈልጡ ደቂ ሃገር ብዘይንሕስያ እንዳቀንጸለ፣ ክሳብ ሎሚ ኣብ ስልጣን ኣሎ። ንመረዳእታ እቲ ተስፋሚካኤል ጆርጆ ዘውጽኦ ምስጢር፣ ንኢሰያስ ኣዝዩ ስለዘስግኦ ከኣ፣ ብቀንጻልቲ ጒጅለ ጸጥታ 72 ህዝባዊ ግንባር ተስፋሚካኤል ጆርጆ፣ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተቐንጺሉ። ተኽለ ዓደን ግና ትግራዋይ ስለዝኾነ፣ መራሒ ሃገራዊ ድሕነት ኢትዮጵያ ዝነበረ ክንፈ ገብረመድህን፣ ንሆላንድ መሊቑ ንኽወጽእ ሓጊዙዎ። ተኽለ ዓደ’ውን ንኽቐንጸል ኣብ መደብ ኢሰያስ እዩ ነይሩ። ኢሰያስ ኣፈወርቂ ጀጋኑ ኤርትራውያን ንኤርትራ ነጻ ከውጽኡ ምስ ጸላኢ ክዋደቑ ከለው፣ ሰራዊትን ህዝብን ኤርትራ ብገርሁ ከሎ፣ ንቃልሲ ኤርትራ ዘፍሽል ምዕዶ ካብቶም ገጀፍቲ ስለላ መርበባት ዓለም: ብመጀመርያ ምስ ሲ.ኣይ.ኤ (ኣሜሪካ)፣ ቀጺሉ መርበብ እንግሊዝ ኤም5/6፣ ሞሳድ (እስራኤል) ስለላ መርበ ዓዲ ጣልያን ፐ2 ወዘተ...ብስዉር እናሰልጠነ እዩ ጸኒሑ።

እዚኦም’ዮም ንኤርትራ ነጻ ዘውጽኡን ንሓይሊ ወያኔ ከኣ እግሪ ዘትከሉ ጀጋኑ ደቂ ምድረባሕሪ።




ንመረዳእታ ብ1985 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሳሕል በኸሪ ርክብ ኢሰያስ ምስ ደይሊ ሚሮር ሪፖርተር ኣላስቴር ካምፐቤል ነበረ። ኣላስቴር ካምፐቤል ንብዙሕ ዓመታት ኣማኻሪ ቀዳማይ ሚንስተር ሃገር እንግሊዝ ቶኒ ብለይር ኮይኑ ዘገልገለ ብዓል ዓቢ ስልጣን እንግሊዛዊ’ዩ። እቶም ተኻታተልቲ ህዝባዊ ግንባር ሃርነት ኤርትራ፣ ርእይቶኦም ብዛዕባ ዝምድና ኣኢሰያስን ሃገር እንግሊዝን ክገልጹ ከለው:- “ኢሰያስ ድሕሪ ርክብ ምስ ኣላስቴር ካምፐቤል እዩ፣ ስለላዊ ዝምድና ምስ ስለላ መርበብ ኣንግሊዝ ዝጀመረ“ ይብሉ። ሎሚ ኢሰያስ ቀንዲ ርክቡ ኣብ ቀጠር (**Katar**, *Qatar*) እትብሃል ኣብ ሰሜናዊ ምብርቕ ዓዲ ዓረብ እትርከብ ንእሽቶ ሃገር እዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣብ ቀጠር (**Katar**, *Qatar*) ዓቢ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ሲ.ኣይ.ኤ. እዩ ዘሎ። ኢሰያስ ነቲ ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር፣ ጸረ መንግስቲ ኣሜሪካ ኮይኑ እዩ ዝዋራዘ ዘሎ። እቲ ሓቂ ግና ኢሰያስ ቀንዲ ልኡኽ ኣሜሪካ ኮይኑ፣ ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን: ሃገራት ኣዕራብን ንክስሊ ዝተመዘዘ

ልኡኽ ሲ.ኣይ.ኤ. እዩ።ብዘይካ ውሑዳት ሙሁራትን መራሕቲ ውድባትን ግና፣ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንኢሰያስ ከም ሓቀኛ ተቓላሳይን፣ ቅኑዕ መራሒ ሰውራ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ከምዝኾነ ገይሩ ክሳብ ሎሚ ብግርህነት ይኣምን ኣሎ።

## ታሪኻዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ሕቶ ኤርትራ

እተን ኣብ ትሕቲ ኮሎንያል ጣልያን ዝግዝኣ ዝነበራ ሃገራት፣ ኤርትራ: ሶማል ሊብያን እየን ነይረን። ድሕሪ ስዕረት ኮሎንያል ጣልያን ግና፣ ሶማል ሊብያን ብባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ነጻነተን ንኽረኽባ ተፈቒዱለን። ኤርትራ ግና ብመንጸግቲ መንግስቲ (ብቬቶ-ፓወር) ኣሜሪካ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ንኽትቀኈረን ተፈሪዳ። ንመረዳእ ኣብ 1947 ዓ.ም.ፈ. ወኪል ሕቡራት ኣሜሪካ ኮይኑ ኣብ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ ሳንፍራንሲስኮ ዝተጋብኣሉ ኣዋን: ከምዚ ክብል መርገጽ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣነጺሩ። “ንስትራተጂካዊ ረብሓና ንኽንብል፣ ኤርትራ ምስ ምሓዛና ኢትዮጵያ ክትሕወስ ወሲንና”። እዚ ፖሊሲ እዚ እዩ እምብኣር ንህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ዕንክሊል ዘብሎ ዘሎ። ኢትዮጵያ ወደብ ስለዝሰኣነት መንግስቲ ኣሜሪካን ኣንግልዝን ደንጊጾምላ ኣይኮኑን። ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዕድል ረኺቡ፣ ቅኑዓት ወከልቲ ኣንተዝረክብ ነይሩ። ረብሓ ቀይሕ ባሕሪ ኣንተኾነ ድማ ክስብ ሎሚ ዝረብሕሉ ዘለው ኣሜሪካውያን ድኣንበር ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይኮኑን። ወራዙትን ምሁራትን ክልቲኤን ሃገራት ጉዳይ ኣንተዝህሉው ነይሮምጵ፣ ሕቶ ወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ብዘይ ክናት ብሰላም ምተፈትሐ ነይሩ። እቲ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግና ብዓንተቦኡ፣ ኣብ ኢድ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘይኮነስ፣ ኣብ ኢድ ባዕዳውያን ስለዝኾነ ጥራይ እዩ ክሳብ ሎሚ ፍታሕ ከይተረክቦ ዕንክሊል ዝብል ዘሎ።

## ስእላዊ መግለጺ መስርሕ ስለላ ኢሰያስ









ሄርማን ክሀን ድሕሪ ንጻነት ኤርትራ ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ንመለስን ኢሰያስን ኣብ ለንደን ኣራኺቡ ኣብ ረብሓ እሜሪካ ዝተመርኮሰ ምስጢራዊ ውዕል ተዋዓዒሉ። ንሱ ኣብቲ ዝልዓለ ንጉዳይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዝምልከት ቦርድ ኣፍ ዲረክቶርስ ኣባል'ዩ። ከምኡ'ውን



ኣብ ግዜ ጆርጅ ቡሽ ካብ *1989 – 1993* ምክትል ሓላፊ ጉዳያት ኣፍሪቃ ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ። ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራን'ውን ኢትዮጵያን እንተ ኮይኑ'ውን፣ ካብ 1991 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ቀንዲ ተጻውዓይ ብዓል ስልጣን እዩ። ምስ መለስን ኣኢሰያስን ዝተሰማምዕ ውዲታዊ ውዕልውን ገና ግና ተቐቢሩ

ንኢሰያስ ንሜዳ ክውፍር ክሎ ሰላዩ ኢትዮጵያ ኮይኑ ስለላን ኮለላን ንኸካይድ ጸረ ሰውራ (counter Revolution) ንከካይድ



ኣብ1985 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሳሕል በኸሪ ርክብ ኢሰያስ ምስ ደይሊ ሚሮር ሪፖርተር ኣላስቴር ካምፕቤል። <u>ኣላስቴር ጆን ካምፕቤል</u> ካብ ሞያ ጆርናሊስ ኣማኻሪ ቀዳማይ ሚንስተር ቶኒ ብለየር፣ ቀጺሉ ዝልዓለ ስልጣን ዲረክቶር ርክብን ስትራ



ብ/ጀነራል ዳኒኤ ምንግስቱ ኣብ መንግቲ ንጉስ ሃይለስላሴ፣ ሓላፊ ስለላ መርበብ ኢትዮጵያ ዝነበረ፣ ብ2001 ዓ.ም.ፈ. ምስ “መነሊክ” ዝተባህለ መጽሀት ቃለ-መሕታት ኣብ ዝገበረሉ ግዜ: መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመደብ ንኢሰያስ ኣፈወርቂ “ሰላዩ ኢትዮጵያ ንኽኸውን ኢና ልኢኽናዮ”። ክብል መስኪሩ። እወ (counter Revolution) ንከካይድ ከምዝኸደስ እዛ ሕጂ ተደሚርና ኢና ምስክርያ።

*Seed Planting Project (Nurcery)*





ሪቻርድ ኮፐላንድ 1969 ቅድሚ 40 ዓመታት ንስኹም ነጻነትኩም ተውስዱ ንሕና ከኣ ቀይሕ ባሕሪ..

ኢሰያስ ብ1969 ቅድሚ 50 ዓመታት ብመንግስቲ ኣሜሪካ ተኸታሊ ማርክሲዝም ተመሲልካ ኣገልግለና ተባሂሉ ዝተላኣከ ስላዩ እዩ።.**Iseias' cloak of Marxism was a fake ploy**



ሄርማን ኮሀን ድሕሪ ንጻነት ኤርትራ ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ንመለስን ኢሰያስን ኣብ ለንደን ኣራኺቡ ኣብ ረብሓ እሜሪካ ዝተመርኮሰ ምስጢራዊ ውዕል ተዋዓዒሉ። ንሱ ኣብቲ ዝልዓለ ንጉዳይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዝምልከት ቦርድ ኦፍ ዲረክቶርስ ኣባል'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ጆርጅ ቡሽ ካብ *1989 – 1993* ምክትል ሓላፊ ጉዳያት ኣፍሪቃ ኮይኑ ኣገልጊሉ። እቲ መዛግብትን ውዕላትን ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስኡ'ዩ ብምስጢር ተዓቂቡ ዘሎ።





ሪቻርድ ኮፐላንድ  ሎሚ ድሕሪ 50 ዓመታት





ገዛኢ ቀጠር ሻይክ ሓማድ ቢን-ካሊፋ ኣል-ታኒ

ኢሰያስ ዋላ'ኳ ኩሉ ስርሑ ዓሻ መሲልካ ድራሮም ወድኣሎም ኣንተመሰለ፣ ሎሚ ድሕሪ 40 ዓመታት'ውን ኣብ ቀጠር ንገዛኢ ቀጠር ሻይክ ሓማድ ቢን-ካሊፋ ዝበጽሕ እናተመሰለ፣ ኣብ ሱዳንን ከኣ ናልበሽር ዝበጽሓ ኣናተመሰል እናተመላለሰ ዝልዓለ ስለላዊ ዕዮታት የካይድ ኣሎ።

ፕረሲደንት ኣሜሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ብ1982-85 ዓ.ም.ፈ. ቅድሚ ነጻነት ኤርትራ፡ ንመለስን ንኢሰያስን ኣብ ካርቱም ኣብ ረብሓ እሜሪካ ዝተመርኮሰ ምስጢራዊ ውዕል ተዋዓዒሉዎም

ድሕሪ 28 ዓመታትከ

ብ2018 ዓ.ም.ፈ. ድሕሪ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት መንግስቲ ሕቡራትሃገራት ኣሜሪካ ዶናልድ እማማቶ። ኣብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ዑደት ድሕሪ ምግባር ኣብ መንን ፤ይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብዪ ኣሕመድ ዓሊን ልኡኽ መላኺ ኢሰያስ ኣፈወርቅን ሓደ ተደሚርና ኢና፣ ሓደ ኮንና ኢና ዝብል ክልቲኦም ውዕል ምድማር ገሮም። ብሓጺሩ ድሕሪ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ሓዲሽን ሃንደበታዊን እብ ኤርትራን ኣብ ኢትዮጵያን ተራእዩ።

ተዓዘብቲ ፖለትካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ርእይትኦም ክሀቡ ከለው፣ ኣብ ፖለካ ብመደብ እምበር ብሃንደበት ዝመጽእ ነገር ስለዘየል ነቲ ሰንሰለታዊ ኣብያ መንግስቲ ኣሜሪካ ንልዑላውነት ኤርትራ ብምቕጻል: ብመደብ መንግስቲ ኣሜሪካ ፍሉይ ልኡኽ ዶናልድ ኣማማቶ ንመራሕቲ ሃገራት ኤርራን ኢትዮጵያን ሓደ ብመንግስቲ ኣሜርቲካ ዝተመደብ መድብ ኦዮ ሒዙ እዩ መጺኡ። ስለዝኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢትዮጵያን ኤርትራ ንሽውሃት ህዝቢ ኤርትራ ንምስራቕ ዶባዊ "ውዕል ኣልጀርስ ክንትግብሮ ኢና ክብል ኣወጀ። ብድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ድማ፣ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ መዓልቲ ስውኣት ንኢትዮጵያ ልኡኻት ከምዝሰድድ ግንከኣ "ጸወታ ወያኔ" Game Over Weyane ድህሪ ምባል, ልኡኻቱ ንኢትዮጵያ ከምዝልእኽ ኣፍሊጡ። ድሕሪኡ ድማ ብጉያ ንመዓስከር ሳዋ ብምኻድ፣ ልኡኽ ሒዘልኩም ንኢትዮጵያ ክበጽሕ እየ በሎም።  ብድሕሪኡ ድማ ሃወኽ ብተወሰኾ ልኡኽእት ህግደፍ፣ እቲ ፖለቲካዊ ኣማኻሪ ኢሰያ የማነ ገብርኣብን ፣(ማንኪ) ሚንስተር ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ዑስማን ሳልሕን ንኢትዮጵያ ብምምጻሕ መንገዲ ንኢሰያስ ጸሪጎሙሉ። ብድሕሪኦም ጽንሕ ኢሉ ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ዑደት ገበረ። ካባኡ ድማ ግዝያዊ ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጵያን ኣቢዪ ኣህመድ ነስመራ መጸሞ፣ ሓቂ ንኽምስሉ ሓዲሽ ተርእዮ "ምድማር" ብዝብል መሸዊ ውዲት ብምምጻእ፣ ክልትኦም መራሕቲ ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰላማዊ ሰልፊ ተሰኒዮም "ተደሚርና ኢና"!  "ሓደ ኮንና ኢና"!፣ "ፍቕር ያሸንፋል"! ብዝብሉ ጭርሖታት  ብምጭራሕ ክልቲኦም ህዝብታት ከምተደመሩ መደሬታት ኣስምዑ።

ካብኡ ድማ  ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዘብዘብ እንዳበለ ንኣዲስ ኣበባ ብምኻድ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣትዩ ተጠሊዑ ከያፈረ፣ "ሕብረት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሎሚ ተፈጺሙ እዩ"። "ክምሎሚ ከኣ ተሓጉሽ ኣይፈልጥን "። "ተድሚርና ኢና ሓደ ኮንና ኢና" ክብል መደረ ኣስሚዑ። ካብቲ መደረኡ "ሓደ ድማ ካብ ሎሚ ንድሓር ኣቢ ኣሕመድ መራሒና እዩ"። "ካብ ሎሚ ንድሓር ድማ ክልተ ሃገራት ዝብሃል የለን! ኢትዮጵያን ኤርትራን ሓደ ሕዝቢ እዩ"። ሕዝቢ ኤርትራ ድማ "ወይለከይ! ኣንታ እዛ ቡርኩታ እምኒላታ እኮ ክንብል ሓጊና ኢና! ሎሚስ ኣምብእር ኣግሂዱዎ! ንኤርትራ ዘይኮነስ፣ ንኢትዮጵያ ክቃለሰላ ኣብ ሳሕል ዕንክሊል ክብል እባ ደቅና መንቀኣሉ ሕጂ ከኣ ምስ ኣምሓራ ተደሚርና ኢሉና ኣምብኣር ጥራይ ምቕናይ"! ክብል ጀመረ። ንዚ እዩ ኣምብኣ 50 ዓመታት ዝኣክል ከታልለና ጸኒሑ"! በለ።

ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራ ድማ ካብ ምላእ ዓለም ተኣኻኺቡ። ኣብቲ ኣብ ጀነቫ ስዊዘርላንድ ዝርከብ  ቀጺር ቤት ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ዓለም፣ "ኢሰያስ ነብሱ ወኪሉ ተደሚርና ኢና"! ዝበሎ፣ ጸረ ልዑላውነት ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ስለዝኾነ፣ ሎሚ ኣይንድመር ጽባሕ ኣይንድመር"! እንዳበለ ጭርሆኡ ኣስመዐ። እቲ ሕጽኖት ኢሰያስን ኣቢዪን ግን ከሳብ ሎሚ ምስ ኢሰያስ እንተዘይኮኑ፣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝተገበረ ወግዓዊ ስምምዕ ኣይተራእየን። እኳድኣ ግርጭት ወያኔን ሻዕብያን ካብቲ ዝነበሮ ገደደ። ዶብ ክሕንጸጽ ቁልጭ ዝብል ዝጸንሕ ህዝቢ ኤርትራ ድማ "ግራት ዓዲ ሹማ ከም ቀደማ" ኮይኑ በነነ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሰደምም ግና እዞም ክልተ መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ቅድሚ ውድብ ሕቡራት ኣፍሪቃ ቀሪቦም፣ ወግዓዊ ውዕል ክንዲ ዝገብሩ፣ ብስዉር ንሃገር ስዑድያ ብትእታት ዓሰብቶም ምዕራባውያን እንግሊዝን ኣሜሪካን

እስራኤልን፣ ውድብ ኤውሮጳ ሕብረትን፣ ብጒያ ከይዶም ውዲታዊን ምስጢራዊን ውዕል ተፈራሪሞም። ተመራሚርና ዝበጻሕናዮ ምስጢር ግና ጀነራል ሰክረታሪ ውድብ ሕብሩት መንግስታት ዓለምን፣ ፕረሲደንት ውድብ ሕብራት ኣፍሪቃን ምስኦም ኮይኖም ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ስዑድያ ውዲታዊ ከምተፈራረሙን፣ ሰሰለስተ ሚልዮን ዶላር ኣሜሪካ ሞቑሹሽ ከምተቐበሉን ክፍለጥ ከሎ፣ ብንጉስ ሃገር ስዑድያ ወርቂ ጎባጉብ ክሽለሙ ኣብ ተለቪዮን ተዓዚብና። ”ተኣኪበን ይሕርስኦ” ከምዝብሃል ግና እዚ ካብ ህዝቢ ተሓቢኣካ ብህዝቢ ምሽቃጥን ሃገር ምሻጥን ክቕጽል ከምዘይካል ግና ተገንዘብና። እቲ ”ተደሚርና ኢና” ”ሓደ ኮይና ኢና! ዝብሃል ጭርሖ ጥራይ ተጨሪሑ ዶባዊ ጉዳይ ግን፣ ኣብ መዕለቢኡ ከይበጽሐ ክሳብ ሎሚ ተንጠልጢሉ ይርከብ ኣሎ። ጥራይ ምቕናይ!

ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ
14 ግንቦት 2020 ዓ.ም.ፈ